# እገዳታት ርክብ / ምዳበ ኣፓርታማ / ሓላፍነት (ቆልዑ)

ዋላ ንግዚኡ ንስድራ ዝምልከቱ ሕጋውያን ውሳነታት ክትጠልቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ንኣ.

- ግዝያዊ ትእዛዝ (እቲ ሰብኣይ ንዓኽን / ንገዛኽን / ንስራሕክን ክቐራርብ ከምዘይፍቐ ደሉ፣ ርክብ ምሳኽን ክገብር ከምዘይፍቐደሉ፡ ወዘተ)፣
- ምዳበ ሓባር ገዛ/ኣፓርታማ፣
- ሓላፍነት ንቖልዑትኩም፣ ወዘተ.

ዋላ ንዝስዕብ ክትውከሱ ትኽእሉ፡-

- ቤት-ፍርዲ/Amtsgericht Frankfurt (ቁጽሪ መቐመጢ ቦታ 60…)
  Gerichtsstraße 2, ህንጻ B ተሌፎን 069 / 1367-01
- ቤት-ፍርዲ Höchst (ቁጽሪ መቐመጢ ቦታ 65…)
  Zuckschwerdtstraße 56 ተሌፎን 069 / 1367-01

ወይ ንሓደ/ሓንቲ ጠበቓ ክትውከሱ ትኽእሉ። ውሑድ ደሞዝ እንተ ደኣ ኣለኩም ሓገዝ ምኽሪ ወይ/ውን ሓገዝ ክፍሊት ጉዳይ ክትጠልቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ቤታት ኣንስቲ ኣብ ፍራንክፉርት

ቤታት ኣንስቲ ዝተኸላኸሉን ንግዚኡ መቐመጢ ኣማራጺታት እዮም ንዝኾነ ዜግነት ዘለወን ኣንስቲ ምስ ወይ ብዘይ ቆልዑ። ሰብኡት ኣብኡ ክኣትዉ ኣይክእሉን እዮም።

ኣድራሻታት ቤታት ኣንስቲ ኣይክዝርጋሑን እዮም። ኣብ ቤት ኣንስቲ ናይ ነፍስወከፍ ገዛኽን ቀጺልክን ክትኸናኽና ትኽእላ። ነፍስወከፍ ደሞዝ እንተ ደኣ ዘይብልክን፣ ALG II ወይ SGB XII (ዓይነታት ገንዘባዊ ደገፍ) ክትወሃባ ኢኽን። ኣብ ቤት ኣንስቲ ከመይ ክትቕጻላ ከምትደልያ ኣብቲ ቤት ኣንስቲ ከተጻርያ ትኽእላ ኢኽን፣ እተን ሰራሕተኛታት ብሰፊሕ ይመኽራኽን እየን።

- ኣንስቲ ነንስቲ ይሕግዘን
  ተሌፎን 06101 / 483 11
- Frankfurter Verein

  ቤታት ኣንስቲ / Frauenhäuser
  ተሌፎን 069 / 41 26 79 ወይ 069 / 63 12 614
  beratung@frauenhaus-frankfurt.de
  www.frauenhaus-frankfurt.de
  info@frauenhaus-ffm.de
  www.frauenhaus-ffm.de

## ጨናፍር ኣገልግሎት ምኽሪ ኣብ ፍራንክፉርት

ብተሌፎን ወይ ብኣካል ንጨንፈር ምኽሪ ክትውከሳ ትኽእላ ኢኽን። ኣብኡ እንተደሊኹም ሓበሬታታት ብዛዕባ ዝስዕብ ክትወሃቡ ኢኹም (ዋላ ብስመ-ስውር፣ ብነጻ፣ ካብ ሪፖርት ፖሊስ ከምዝገበርክን ወይ ካብ መርገጽ/ፍቓድ ጽንሓትክን ኣይምርኮስን እዩ)፡-

- ብዛዕባ ሕክምናውያን ሕቶታት ከም ሳዕቤናት መቑሰልትታት፣ ኣድራሻታት ሓካይም፣ መረጋገጺታት፣ ወዘተ...
- ሕጋውያን ሕቶታት ከም ሪፖርት፣ ኣከያይዳ ጉዳይን ፍርድን፣ ምዳበ ገዛ ሓዳር፣ ሓላፍ ነት ቆልዑ፣ መሰል ጽንሓት፣ ኣድራሻታት ናይ ጠበቓታት፣ ወዘተ...
- ብዛዕባ ሕቶታት ምምዋል ከም ሕጊ ካሕሳ ግዳያት፣
- ሓገዝ ክፍሊታት ኣከያይዳ፣ ሓገዝ ምኽሪ፣ ገንዘብ ቃንዛ (ኣካላታዊ ካሕሳ)፣ ሓገዝ ሶሽያል፣ ወዘተ...
- ኣመና ንውሕ ዝበለ ምክልኻል (ንኣ. ቤታት ኣንስቲ)፣
- ንምኽኣል ሳዕቤናት ተመኩሮታት፣
- ንምዕባለ ሓድሽቲ ኣረኣእያታት፣
- ንንጥፈት ነፍስወከፍ ግብራዊ ኣማራጺታት፣
- ኣብ ምድላይ ፍወሰኛታት
- ንጉጅለታት ርእሰ ሓገዝን

ሞያውያን ኣንስተይቲ ኣስተርጎምቲ ንክጥለባ ኣማራጺ ኣሎ፣ ብዘይ ገለ ንዓኹም ዝመጹ ኹም ክፍሊታት።

## ጨናፍር ኣገልግሎት ምኽሪ

**ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽር ህጹጽ ኩነታት ኣንስቲ**
**Kasseler Str. 1 A | 60486 Frankfurt am Main**
**ተሌፎን 069 / 70 94 94**
**info@frauennotruf-frankfurt.de**
**www.frauennotruf-frankfurt.de**

**ኣንስቲ ነንስቲ ይሕግዘን e. V.**
**Berger Straße 40–42 | 60316 Frankfurt am Main**
**ተሌፎን 069 / 489 865 65 51 | info@frauenhaus-ffm.de**
**www.frauenhaus-ffm.de**

**ማሕበር ፍራንክፉርት**
**ኣብ Frauenhof ዘለው ጨናፍር ምኽሪ**
**ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽርን ጣልቃን**
**ከምኡ'ውን ዝተሰነየ ምንባር**
**Schwanheimer Straße 7 | 60528 Frankfurt am Main**
**ተሌፎን 069 43 05 47 66**
**beratung@frauenhaus-frankfurt.de**
**www.frauenhaus-frankfurt.de**

## ቆልዑ

ሓገዝ ንደቅኽን እንተ ደኣ ትደልያ ኮንክን፣ ኣብ ኣገልግሎት ሶሽያል ቆልዑትን መንእሰያትን (KJS) ቦታኹም ወይ ከኣ ኣብ ናይ ፍራንክፉርት ተሌፎን ምክልኻል ቆልዑን መንእሰያትን ክትውከሳ ትኽእላ (ነጻ ቁጽሪ ተሌፎን፡- 0800 / 201 01 11)።

ፖሊስ ኩሉ ግዜ ንተሓታቲ ኣገልግሎት ሶሽያል ሓገዝ ቆልዑን መንእሰያትን ብዛዕባ ዕማማት ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዝተመልከቱ ቆልዑ ይሕብሮ እዩ። ምሳቶም ብሓንሳብ ሽዑ ንምክልኻል ደቅኽንን ንስኽንን ካብ ቀጻሊ ዓመጽ ውሳነታት ክግበሩ እዮም።

እዚ ወረቐት ሓበሬታ ብዓረብኛ፣ ዳሪ፣ ጀርመንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፍራንስኛ፣ ፐርስኛ፣ ስፓኛ፣ ትግርኛ ከምኡ'ውን ቱርክኛ ክርከብ ይከኣል።

**ትጠልብሉ ኣድራሻ**
Beratungsstelle Frauennotruf
Kasseler Str. 1 A | 60486 Frankfurt am Main
ተሌፎን 069 / 70 94 94 ፋክስ 069 / 77 71 09
ኢመይል፡- info@frauennotruf-frankfurt.de

ምስ ብሩኽ ደገፍ
ጨንፈር ጉዳያት ኣንስቲ ከተማ Frankfurt am Main

FRAUEN
REFERAT

መርገጽ፡- 2018

# ሰብኣይክን / ዓርክኽን ይሃርመክን ወይ / ውን የሕስረክን

ኣገዳሲ ሓበሬታ
ብዛዕባ መሰላትኩምን
ናይ ተግባር ኣማራጺታትን

**ዝተሓተመ ብ**
**ዙርያ ስራሕ ጣልቃ ኣብ**
**ጎነጽ ኣንስቲ (AK InGe)**
**Frankfurt am Main**

## መሰላትክን

ብጻይክን / ብዓል ቤትክን ዓመጽ ክገብረክን፣ ክሃርመክን፣ ክጎድኣክን፣ ክፈራርሓክን፣ ክዓ ጽወክን፣ ተኸልኪሉሉ እዩ። እዚ ሕጋዊ ውሳነ ዋላ ናይ ጀርመን ፓስፖርት እንተዘይብል ክን ብቑዕ እዩ።

# ኣብ ድንገት እንተ ኣለኹን

ፖሊስ ደውሉ ኢኹም!

ህጹጽ ኩነታት ፖሊስ 110 (መዓልትን ለይትን)

ወይ እቲ ተሓታቲ መደበር ፖሊስ

ብንጹር ግለጹ ኢኹም፣

- ብቐልጡፍ ሓገዝ ከምዘድልየኩም፣
- እንተ ተሃሲኹም፣
- ቆልዑ ወይ ካልኦት ሰባት ኣብቲ ገዛ እንተዘለው፣
- እቲ ገባሪ/ዓመጸኛ ገና እንተ ኣሎ፣
- ብረት እንተዘለዎ።

ፖሊስ ከመይ ቀልጢፎም ክመጹኹም ብሓበሬታታትኩም ይውስን እዩ። ፖሊስ ክሳብ ዝመጽእ፣ ንስኸንን እንተዝከኣል ኮይኑ ደቅኸንን ኣብ ውሕስነት ኣብጽሓኦም፣ ንኣ. ኣብ ጎረ ባብቲ፣ ዱኳናት ወይ ኣብ ነፍስወከፍ ግዛ..

## ፖሊስ እንተመጺኡ እንታይ ክፍጽም፧

ፖሊስ እንተዝከኣል ኮይኑ ካብ ብጻይክን/ ብዓል ቤትክን ፈሊዩኸን በይንኸን ክሓተክን እዩ - ዝኾኑ ኣገደስቲ ሓበሬታታት (ትሕዝቶ ጉዳይ፣ ቅድም ዝነበሩ ፍጻሜታት፣ መቑሰልትታት፣ ምስክራት፣ ወዘተ) ክምዝግብ እዩ ከምኡ'ውን ጉዳይ መቕጻዕቲ ክጅምር እዩ።

ፖሊስ ኣብቲ ገባሪ ናይ ምርሓቕ እገዳ ክእውጅ ይኽእል፣ ክሳብ 14 መዓልታት ኣብቲ ኣፓ ርታማ ንከይፍቐደሉ ወይ/ውን ክሳብ ሽዑ ግዜ ክረኽበክን ንከይፍቐደሉ። ብኸምኡ ኣብ ስድራዊ ቤትፍርዲ ተወሰኸቲ ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ንኸተቕርቡ ግዜ ኣለኩም። ኣብ ፍሉያት ጉዳያት እቲ ገባሪ ዋላ ብቐልጡፍ ክተሓዝ ይከኣል።

ፖሊስ እንተደሊኹም ሓበሬታኹም ንሓደ ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽሪ ክህብ ይኽእል፣ ንሱ ብዝቐልጠፈ ክረኽበኩምን ክሕግዘኩምን ይኽእል። ፖሊስ ኣድላይ እንተኾይኑ ኣብ ምድላይ ቦታ ኣብ ቤት ኣንስቲ ክሕግዘክን ይኽእል እዩ።

## ካብ ገዛ እንተ ትኸዳ ኮይንክን

ንስኸንን ደቅኸንን ብሞባይል ክትርከቡ ከምዘይትኽእሉ ኣስተውዕላ ኢኽን። ዝስዕቡ ሰነዳት (ብዝከኣለ ብኦሪጊናል - እንተዘይከኣለ ብቕዳሕ) ከምኡ'ውን ኣቕሑታት ክትማልኣ ይግብኣክን፦

- ፓስፖርት፣ ንዓኸንን ንደቅኸንን
- ውዕል ስራሕ፣ ፍቓድ ስራሕ፣ ቅዳሕ ውዕል ገዛ ክራይ
- ካርታ ኢንሹራንስ ጥዕና ንዓኸንን ንደቅኸንን
- ናይ ቃል ኪዳን ምስክር ወረቐት፣ ናይ ትውልዲ ምስክር ወረቐት፣ ሰርቲፊከታት
- መረጋገጺታት መሃያ፣ ደብዳበታት ፍቓድ ምቕባል ገንዘብ (ቤትጽሕፈት ስራሕ፣
- ካሳ ገብዘብ ቆልዑ፣ ገንዘብ ኣተዓባብያ፣ ጥሮታታት፣ እንተዝከኣል ደብዳበ ሓላፍነት ቆልዑ)
- ቅብሊታትኩም ባንኪ፣ ናይ ምቍጣብ መደባት ባንኪ (ዋላ ናይ ቆልዑ)፣ ውዕላት ክረዲት፣
- ኣገደስቲ መድሃኒታት ንዓኸንን ንደቅኸን
- ውልቃውን ኣገደስትን ኣቕሑ፣ ንኣ. ስእልታት፣ ሽልማት፣ ኣድራሻታት፣ ኣቕሑ ትምህር ትን ጸወታን

# ኣብ ውሕስነት እንተ ኾንኩም

### ሓበሬታ ከመይ ክትቕጸሉ ከምትኽእሉ

## መቑሰልትታት

እንተተሃሲኹም ኣብ ሓደ/ሓንቲ ሓኪም ተሓከሙ ኢኹም።

## መረጋገጺታት

ብዛዕባቶም ሳዕቤናት መጥቃዕታት ዓመጽ መረጋገጺ (ካብ ሓኪም) ኣምጽኣ ኢኽን ከምኡ' ውን መቑሰልትታትክን ብሓንቲ መኮነን ወይ ብሓደ ትኣምናሉ ሰብ ተሳኣላ ኢኽን፣ እቶም ስእልታት ከምኡ'ውን እቲ መረጋገጺ(ታት) ሽዑ ንቤትጽሕፈት ክሲ ኣመሓላልፉ ኢኽን።

## ሪፖርት መቕጻዕቲ

ብዛዕባ ጎነጽን ምፍርራሕን ከምተገበረልክን (ንኣ. ተሃሪምክን፣ ተጻፊዕክን፣ ተረጊጽክን፣ ተደፊእክን፣ ኣብ ጸጕሪ ተሳሒብክን) ፖሊስ እንተተሓቢሩ እቶም/እተን መኮነናት ፖሊስ፣ ሪፖርት መቕጻዕቲ ክቕበሉ ከምኡ'ውን ንቤትጽሕፈት ክሲ ክመሓላልፉ ግዴታ ኣለዎም።

ንሳቶም ባዕሎም ጠለብ መቕጻዕታ (ተወሳኺ መግለጺ ናይ ሪፖርት መቕጻዕቲ) ኣብ ዝኾነ መደበር ፖሊስ ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም። ምስክርነትኩም ንሓደ ዕዉት ኣከያይዳ መቕጻዕቲ ናይ ግድን የድሊ እዩ። ሪፖርት መቕጻዕቲ ካብ ብዓል ቤትክን / ብጻይክን ክትፈልያ ከምዘ ለክን ከኣ ማለት ኣይኮነን።

## ፖሊስ ክትሕብራ እንተዘይደለኽን፣ ሪፖርት ከተቕርባ እንተዘይትደልያ ኮይንክን

እንተተሃሰኽን ናብ ሓደ/ሓንቲ ትኣምናሉ ሓኪም ኪዳ ኢኽን። ንስኸን ከምኡ'ውን ደቅኸን ኣብ ውሕስነት ኩኑ ኢኹም። ንኣ. ናብ ሓደ ቤት ኣንስቲ እንተትኸዳ ወይ ኣብ ሓንቲ መሓዛ እንተትቕመጣ፣ ገዛኽን ሽዑ ክትስእና ማለት ኣይኮነን። ዋላ ካብ ብዓል ቤትክን / ብጻይክን እንተ ተፈላሊኽን ነቶም ጨናፍር ኣገልግሎት ምኽሪ ድላይክን ክትጥቐማሎም ትኽእላ ኢኽን።

## ደገፍ ብሓደ / ሓንቲ ጠበቓ

እንተላይ ንሓደ/ሓንቲ ጠበቓ ክትውከሱ ውን ኣማራጺ ኣለኩም። ምስቲ/ ምስታ ጠበቓ ብዛዕባቲ ቀጻሊ ኣከያይዳ፣ ዋላ ብዛዕባ ክፍሊታት፣ ምኽሪ ከተምጽኡ ትኽእሉ።